# መርሆ

ሓምለ 2015 6ይ-ዓመት ሕታም ቁ.16

**ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ) ዝዳሎ ዕላዊ ልሳን**

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ዝጣመሩ ተርእዮታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቅድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይ'ቲ ኣደራዕ ብምኻኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ መስተርሆ-ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ዕላዊት ልሳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኮይና፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺታትና እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንክተበርክት ዝተሰለፈት፡ ዳግም መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና ኮይና ከተገልግል፡ ቃለ-መሓላ ዝኣተወት ልሳንና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

Website: - www.merho.net

E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

# ትሕዝቶ


- ርእሰ-ዓንቀጽ

  መኸተና ይዕዘዝ!............................................................. 2

- ሰብኣውነት ኣልቦ፡
  ብህዝቡ ዝጨከነ ፋሽስታዊ ስርዓት፤.......................................... 3

- ኣዋጃትን ፖሊሲታትን ህግደፍ፡ ድኽነት ንምንካይዶ?
  ድኽነትን ስደትን ምስፍሕፋሕ?................................................ 5

- ዓምዲ ደብዳቤታት፡-

  - ብሩህ ተስፋ ተራእዩኒ! .................................................................... 9

## ርእሰ-ዓንቀጽ፡

# መኸተና ይዕዘዝ!!

ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 24 ናይ ነጻነት ዓመታት፡ ኣብ ዕጹው ደምበ ድምጽና ከይተሰምዐ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብታትና ከም ሕሱም ክዳሃኽ ጸኒሑ እዩ። ህዝብታትና ካብ ሰብ ንታሕቲ ካብ ግኡዝ ኣቕሓ ንላዕሊ ዝኾነ ከርፋሕ ሂወት ክሕልፉ ጸኒሖም እዮም። ፍትሒ ዝበሃል ተሓሪሙዎም ብኣባላት ስለላን ጸጥታን ስርዓት ህግደፍ ክእሰሩ፣ ክቕጥቀጡ ደሃዮም ክጠፍእ ክቕዘፉን ጸኒሖም እዮም። ግን ድማ ዓው ኢሉ ኣውያቶም ዘቃልሓሎም፡ ቃንዝኦም ዝሰምዓሎም ከይረኸቡ፡ 10ተታት ዓመታት ኣሕሊፎም። ህግደፍ ንኤርትራ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ቀይሩዋ እናሃለው፡ ናይ ጥይት ድምጺ ዘይስማዓላ ደሴት ሰላም ዝኾነት ሃገር ከምዝሃነጸ እናተጃሃረ፡ ዓዘራ መደረ ከስምዕ ጸኒሑ። እንተኾነ ግን ንኹሉ ጊዜ ኣሎዎ ከምዝተባሃለ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ህዝብታትና፡ ካብ ሓጹር ህግደፍ ፈንጢሱ፡ ኣብ እዝኒ ማሕበረ ሰብ ዓለም ክበጽሕ በቒዑ ኣሎ።

መሰክሕ ባህርያት ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ኣብ ቅርዓት ወጺኡ ክብለል ዝጀመረ፡ ነቶም ኣብ ላምፐዱዛ ዝሃለቑ፡ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ጨላቕዕ ህጻውንትን ዝርከቡዎም ልዕሊ 360 ዝኾኑ ሰማእታትና ዘርኣዮ ጭካነ እዩ። ማሕበረ ሰብ ዓለምን ዓበይቲ መንግስታትን ብሓፈሻ፡ መንግስቲ ጣልያንን  ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ድማ ብፍላይ፡ ሓዘኖም ብምረት ኣብ ዝገለጹሉ እዋን፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ይትረፍዶ ናይ ሓዘን ቃል ከውጽእ፡ ጸጊቦም ዝኸዱ እዮም፤ እንቋዕ ከምኡ ኮኑ ዘስምዕ ቃና ብምቅልሑ፡ ሬሳታት ሰማእታት ተቐቢሉ ብኽብሪ ዝዓርፉሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር  ብምሕሳሙ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ቶባእ ድሕሪ ደጊም ክብሎ ጀሚሩ። ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን፡ ሞት እናተሳገረ ብቓፍላያት ምቕጻሉ ዘተሓሳሰቦ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ መርማሪ ኮምሽን ብምቛም፡ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን መጽናዕቲ ከካይድ ምስ ወሰነ፡ እቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ተቐቢሩ ዝጸንሐ፡ ክትኣምኖ ዘጸግም ኣደራዕ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ህዝብታትና፡ ሓደ ብሓደ ክብርበር ጀመረ። ኤርትራ፡ ጨካን ማእሰርቲ፣ ምስዋር ዜጋታት፣ ስዉር ምጽናት ዓሌታት፣ ጊላዊ ሸቕለት፣ ጾታዊ ዓመጽ ዝካየደላ ሲኦል ሃገር ምኻና ኣረጋጊጹ ንዓለም ሙሉእ ኣቃሊሑ።

ኤርትራውያን፡ ዘይ ከም በዓል ሶርያ፡ ህዝብታተን ተባራዒ ኾናት ፈሪሖም፡ ሩፃኦም ጠቕሊሎም ዝሃድሙላ ዘይኮነትስ፡ ብሰንኪ ጨካንን ሕጊ ኣልቦን ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዓዶም ቀሲኖም ምንባር ስኢኖም፡ እናራሕርሑዋ ዝወጹ ሃገር ምኻና፡ ኣውያቶም ንማሕበረ ሰብ ዓለምን ዓበይቲ መንግስታትን ጭብጥታት ኣሰንዮም ኣረጋጊጾም ኣለዉ። ኮታስ ሕሰም ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ተሓቢኡሉ ዝነበረ ጽኑዕ በዓቲ ህግደፍ ተርቢዑ ወጺኡ፡ ኣብ እዝኒ ዓለም ክበጽሕ ምኽኣሉ ዓብይ ዓወት እዩ።

ንሃገር ብምልእታ ብስለላን ጸጥታን ጅሆ ሒዙ፡ ጉዱ ንደገ ከይወጽእ ኣፍ ህዝቢ ዓቢሱ ንዝልኣለም ክነብር ዝኽእል ስርዓት ከምዘየልቦ ብተግባር ዝተረጋገጸሉ ታሪኻዊ እዋን ኢና ንርከብ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ኮራኹሩን ጉዱም ናብ ቅርዓት ተቓሊዑ ብምውጽኡ፡ ዝሕዙዎን ዝጭብጡዎን ስኢኖም፡ ኣብ ቅርዓት ኤርትራ ዝለመዱዎ ስድነት፡ ኣብ ዓዲ ዲሞክራሲን ሰብኣዊ መሰልን(ከተማ ጀነቫ) ነቶም መጽናዕቲ ዘካየዱ ኣባላት መርማሪት ኮምሽን፡ ከፈራርሑን ክድህሉን ምፍታኖም፡ ዕሉላት ዓመጸኛታትን ነውሪ ዘይፈልጡ ስድታትን ምኻኖም፡ ባዕሎም ንነብሶም ኣቃሊዖም እዮም። እዚ ክውንነት'ዚ፡ ነቶም ከቢድ መስገደል ኣብ እንግድዓኦም ጸይሮም ዝጸንሑ ህዝብታትና ተወሳኺ ዓወት እዩ።

ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ፡ ንመጽናዕቲ መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ብምድጋፍ፡ ዘካየዱዎ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ህዝብታትና ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ እናወረዶም ዝጸንሐ ኣደራዕ ክጻወሩዎ ናብ ዘይክእሉሉ ደረጃ ምስግጋሮም ዘመልክት እዩ፤ ህግደፋውያን ድማ፡ ዕለተ ዕርበቶም ዝተቓረበሉ እዋን ምብጽሑ ዘበስር ታሪኻዊ ፍጻመ ጌርካ ዝውሰድ እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ህግደፍ፡ ኣብ እንግድዓ ህዝብታት ኤርትራ ተሰቒሉ ዝፈጸሞ ወንጀል ቆጺርካ ኣይውዳእን። ህዝቢ ኣብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ድኽነት ብምሽማም፣ ፍትሒ ብምንፋግ ከም ግኡዝ ኣቕሓ ከንከላብቶም ጸኒሑ እዩ። ህዝብታትና፡ ስርዓት ምሕደራ ፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍ ኣንገፍጊፉዎም ንሰፊሕ ዋሕዚ ስደትን መከራታቱን ክቃልዑ ኮይኖም። እዚ ኩሉ በደል ንሓንሳብን ንሓዋሩን፡ ይኣክል ክበሃል ኣሎዎ። ብገዚፍ መስዋእቲ ዝረኸብናያ ክብርቲ ሃገር ኣላትና። ከም ህዝብን ሃገርን ክንህሉን ክንቕጽልን ይግባእ፤ መሰልና ድማ እዩ። እታ ብሕታዊት ፍታሕ ኣብ ኢድና ዘላ እያ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ሓቀኛ ሃለዋትና ዝግንዘብ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን መንግስታትን ኣብ ጎድንና እናተሰለፉ ክኸዱ ንምልከት ኣሎና። እዚ ኣውንታዊ ምዕባለ'ዚ፡ ድሕንነትናን ቀጻልነትናን ንምርግጋጽ ኣብ እነካይዶ ተጋድሎ፡ ተወሳኺ ዓቕሚ ከምዝድርዐልና ኣየጠራጥርን። ስለዝኾነ'ውን እቲ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይይስ/ህግደፍ ንምብዳህ ጀሚርናዮ ዘሎና መከተ፡ ኣጠናኺርና ክንቕጽለሉ ይህልወና። ብሕኑን ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዓወትና ናይ ግድን እዩ።

# ሰብኣውነት ኣልቦ፡ ብህዝቡ ዝጨከነ ፋሽስታዊ ስርዓት፤

ኣብ ሃገርና ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት ደጋጊምካ እንክትሓስብ፡ ድቃስ ዝኸልኡ ክውንነታት ተስተብህል። ብፍላይ እዚ ኣብ ስልጣን ተኾዲጩ ዘሎ ጉጅለ፡ ኣብ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ብህዝቢ ተሓብሒቡ ዝዓበየን ናብ ስልጣን ዝበቕዐን ምዃኑ ክትዝክር እንከሎኻ ኣዝዩ የሰንብድን የደንጹን። ምእንቲ ህዝቢ እጋደል ኣሎኹ፡ መጻኢት ኤርትራ ዓዲ ሰላም፣ ዓዲ እንጀራ፣ ዓዲ ሕረስ ሓረስታይ፣ ንገድ ነጋዳይ ክትከውን እያ፤ ወረ ኣብ ቃልሲ ሚልዮን ቅርሺን፡ ሓደ ቅርሺ ዝኸፈለን ማዕረ ዝነብረላ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እያ ኢሉ ዝተመባጸዐ መሪሕነት ህግሓኤ/ህግደፍ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምስ ገበተ፡ ብኽንዲ'ዚ ዝኣክል፡ ኣብ ልዕሊ ሓብሓቢኡ ዝኾነ ህዝቢ ዝጨከነሉ ምስጢር እንታይ እዩ ዝብል ሕቶ፡ ዛጊት መልሲ ዘይተረኽቦ እዩ።

ኣብ ዓለምና ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ካብ ዝኽሰሳ ሃገራት፡ እታ ቀዳመይቲ ሰሜን ኮርያ ምዃና ተደጋጊሙ ክጥቀስ ንሰምዕ ኢና። ሎሚ ሎሚ ድማ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝመርሓ ዘሎ ሃገርና ኤርትራ፡ መዘና ሰሜን ኮርያ ምዃና ምጥቃስ፡ እናተለመደ መጺኡ ኣሎ፤ ንምዃኑ ሰሜን ኮርያ፡ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብቐዳምነት ዝተኸሰሰትሉ ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን ኢልና እንሓትት፡ ምስ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ በደል ብምንጽጻር፡ ኣየንኡ ከምዝኸፍእ ንምውድዳር ጥራሕ እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ጉዳይ ሰሜን ኮርያ፡ ብቐንዱ ንዕኡም ዝምልከት ዋኒን እዩ። ብርግጽ ንተሞኩሮ ሰሜን ኮርያ ክንድህስስ እንከሎና፡ እንፈልጦ ሓቂ ኣሎ። ኣብ ሰሜን ኮርያ፡ ፕረዚደንትነት ናይ'ታ ሃገር፡ ኣብ ሓደ ቤተ-ሰብ ተሓጺሩ፡ ዝሞተ ወላዲ፡ ስልጣኑ ብውላዱ ተተኪኡ ክመርሓ ክንዕዘብ እንከሎና፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ'ውን እናሸምገለ፡ ሓንቲ እግሩ ናብ መቓብር እናወረደት ክትከይድ እንከላ፡ ንመንበረ ስልጣኑ፡ ብወዱ ክትክእ ድንዕ-ድንዕ ከምዝብል ክሕመ እንከሎ፡ ለካ ባህርያት ጨካናት መራሕቲ ከም ለበዳ ሕማም ተመሓላላፊ እዩ ንምባል የድፍር እዩ። ንሕጂ፡ እዚ ነጥቢ'ዚ ይጽናሓልና።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት ድማ፡ መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ከካይዱ እንከሎዉ፡ ክቱር ባህጊ ነጻነት ሃገር ዝደረኾም ምንባሩ ኣየካትዕን። ህዝብታትና ምሒር ፍቕሪ ሃገር ዘቃጸሎም፡ ኣብ ገዛእ መሬቶም ሃገራዊት ባንደራ ኣብ በሪኽ ቦታ ተሰቒላ ክትንብልበል ጥራሕ ክሪኡ ኣይነበረን። ገዛኢ ባዕዳዊ ስርዓት ካብ ሃገሮም ተወጊዱ፡ ሓመድ ድፋጫኦም ዘስትዮም፡ ካብ ኣብራኾም ዝተፈጠረ ውላድ ክሕንግሩ ብምምናይ ፈጺሙ ኣይኮነን። ኣብ ገዛእ ሃገሮም ከም ጓና ዘንከላበቶም ባዕዳዊ ገዛኢ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን፡ ካብ መረበቶም ክሕግሕጉ ቆሪጾም ክጋደሉ እንከሎዉ፡ 'ታተ' እናበሉ ዘዕበዩዎ ውላዶም፡ ገቢሉ ብኣፈ-ሙዝ ጠበንጃ ራዕራዕ ኣቢሉ፡ ርእሶም ደፊኡ ክጭቁኖም ብምህራፍ ኣይነበረን....ወዘተ።

ህዝብታትና ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኩሉ ኣብ ኢዶም ዘሎ ነጊፎም ከበርክቱ እንከሎዉ፡ ብሰንኪ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘሕለፉዎም ቆጺርካ ዘይውድኡ መከራን ውርደትን፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ዳግም ከምዘይምለሱ ንምግባር እዩ ዝነበረ። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ዝኾነ ዓሚቕ ፖሎቲካዊ ፍልጠት ዝሓትት ኣይኮነን። ኣብ እንግድዓኦም ንዘበናት ዝተጻዕነ ሕሰም ዝጠልቦ ፍታሕ እዩ። ነቲ ዘይደልዩዎ ባዕዳዊ ሓይሊ ብጅግንነትን ብተወፋይነትን ክቃለሱዎ ክወፍሩ እንከሎዉ፡ ብኡኡ ዝወርዶም ኩሉ ዓይነት ክፉእ፡ ካብ ዝባኖም ንምድርባይ ምንባሩ ዘካትዕ ኣይኮነን።

ብርግጽ፡ እቲ ዘይትደልዮ ንምውጋድ ክትቃለስ እንከሎኻ፡ ካልእ ዝኸፍአ ኣደራዕ ኣብ ዝባንካ ዝጽዕን፡ ደርፍኻ እናዘመረ፡ ኣብ ውሻጠኻ ዝዓቢ ሕሱም ውላድ ከምዝህሉ ንምግንዛብ፡ ውህሉል ተሞኩሮን እኹል ንቕሓትን ዝጠልብ ምዃኑ ዘይሰሓት እዩ። እቲ ትትምነዮ ናይ ርሑቕ ጽቡቕ፡ ብግቡእ መምዩ ዘቐምጥ፡ ናብኡ ከመይ ከምትበጽሕ መርሃ ዓወት ዘርኢ፣ ቅኑዕ ስትራተጅን ስልትን ዝሕንጽጽ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ካብ ወጋሕትኡ ተገንዚብካ ብንቕሓት ክትቃለስ ለይትን ቀትርን ዝዓዩ፡ ናብ ህዝቡ ዝወገነ ቅኑዕ መሪሕ-ውላድ ምርካብ ይጠልብ። ኣብ ዝተናውሐን መሪርን ቃልሲ፡ ዝደለኻዮ ናይ ርሑቕ ጽቡቕ እናተመነኻ፡ ብጅግንነትን ብተወፋይነትን ምግዳል ጥራሕ ኣኻሊ ኣይኮነን። ነዚ ጅግንነትን ተወፋይነትን ከም ሕሱም መዝሚዙ፡ ጽባሕ ተመሊሱ ዝገደደ በላዒኻ ዝኸውን ውላድ ተኸናኺንካ ምዕባይ'ውን፡ የጋጥም እዩ። ብምስላ ወለድና፡ "ዘዕበኻዮ ከልቢ ኣይንከስካ" እኳ ዝበሃል። ከም ኢሳይያስን ጉጅልኡን ዝመሰሉ ኣብ ውሽጢ ሕቶ ነጻነት ተሓቢኦም ዝገበሉ፡ ዕድል ረኺቦም ኣብ እንግድዓ ህዝቢ ክድይቡ እንከሎዉ፡ ካብ'ቶም ዝተሳዓሩ ባዕዳውያን ዝኸፍኡ ተኻሉ ኮይኖም ዓዲ ከምዘጥፍኡ እነሆ እዘን ዝሓለፍናየን 24 ዓመታት ጥራሕ እኹላት ምስክራት ይኾናና። ባህርያትን ተሞኩሮን መሪሕነት ህግሓኤ ኣዕሚቑ ዝፈልጥ፡ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ብሽም ህግደፍ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ንበይኖም ካብ ዝብሕቱ ዝጀመረ ከምዘይኮነ ኣንዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ።

እቶም ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ክጋደሉ፡ ካብ 70ታት ጀሚሮም ኣብ መስርዕ ህ.ግ. ዝተሰለፉ መንእሰያት ኤርትራ፡ ምድሪ ቤት እታ ውድብ ካብ ዝረገጹላ ዕለት እዮም ሰብኣዊ መሰሎም ክርገጽ ዝጀምር። ከም ኤርትራውያን ተጋደልቲ ሕድሕዶም ክፋለጡ፡ ዓዶም ክተሓታቱ ብወንጀል ዘሕትት ገበን እዩ። ብውልቁ ዝውንኖ ዘይብሉ፡ ዝተባሃሎ ብዘይ ግልጽ ምልጽ ክፍጽም ጥራሕ ይግደድ። ንልዕሌኻ ዘሎ መራሒ ተሪር ሕቶ ምሕታት ወይ ምቅዋም፡ ፈጺሙ ዘይፍቀድ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንምሽቱ ብሽም "ጠፍ" ተጸዊዕካ ምስ ከድካ፡ ደሃይካ ብዘይሓታቲ ኣብ ጎዳጉድ ሳሕል ክትበሊ ወይ ድማ ሂወትካ ናይ ምስኣን ዕድል ኣብ ዝባንካ እዩ። ምሕታቱን ምቅዋሙን ከም ነውሪ ተቖጺሩ፡ ኣብ ጋህስታት ሳሕል ተኣሲሩ ብዘይ ደሃይ ክግረፍ ዝጸንሐ

ተጋዳላይ፡ ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ፡ መግረፍቱ ወዲኡ ናብ ኣሃዱታት ክምለስ እንተበቒዑ፡ ታሪኽን ተሞኩሮን ዘሕለፎ ማእሰርቲ፡ ንብጾቱ ከውግዕ ማለት፡ ሂወት ዘስእን ከቢድ ገበን እዩ። ክሳብ መስዋእቱ ኣብ ከብዱ ዓቝሩዋ ክጸንሕ ግድን እዩ። ኣብ ውድብ ህግሓኤ፡ ብጉጅለ ዝለዓል ፖለቲካዊ ሕቶ ወይ ተቓውሞ ድማ፡ እቲ ዝሽፍኣን ብኢሳይያስን ጉጅልኡን ፈጺሙ ዘይጽወር፡ ዕጭኡ መቕዘፍቲ ጥራሕ እዩ። እዚ ሓቀኛ ተሞኩሮ'ዚ፡ ነቶም ብሽም መንካዕ፣ ኣውራጃውያን፣ የማናውያን ...ወዘተ፡ ዝብል ስያመ ተለጢፉዎም፡ ኣብ ፎቐዶ ጎቦታት ሳሕልን ሰሜናዊ ባሕርን ዝሓቐቑ ሓርበኛታትን ዲሞክራስያውያንን ተጋደልቲ ምዝካር ኣኻሊ እዩ። ስለዚ እዚ ንሰብኣዊ መሰል ተጋደልቱን ኣባላቱን ብዘይንሕስያ ምድቋስ፡ ምስ ደሙ ዝተዋሃሃደ ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ቤተ-መንግስቲ ኣስመራ ምስ ነቖጠ፡ ጸበል ጻድቕ ተነጺጉዎ'ውን፡ ርህራሄ ክወርሶ ኣይክእልን። መሪሕነት ህግሓኤ፡ ብርእሰ ፋሽሽት ኢሳይያስ እናተመርሐ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ጨበጠ፡ ምስ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተኸተሎ ፖሊሲ፡ መቐጸልታ ናይ ሜዳ ባህሪኡ'ምበር ሓድሽ ዝፈጠሮ ኣይኮነን ንምባል እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይስን ጉጅልኡን፡ ሰብኣውነት ኣልቦ፡ ምሒር ዝጨከነ መንግስቲ ተኺሉ፡ ክገዝእ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ብህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብማሕበረ ሰብ ዓለምን መንግስታት'ውን፡ ብተደጋጋሚ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ክኽሰስ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ክሲ'ዚ ብኣዝዩም ዘስካሕክሑ ብዙሓት መረዳእታታት ዝተረጋገጸ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ መንግስቲ'ዚ ምስ ኮራኹሩ፡ ዓይኖም ብጨው ሓጺቦም፡ ብተደጋጋሚ ክኽሕዱ ጸኒሖምን ኣሎዉን። ብውድብ ሕቡራት መንግስታት፡ ንሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ብዝምልከት መጽናዕቲ ክካይድ ዝተመዘዘ መርማሪ ኮምሽን፡ በብእዋኑ ዘቕርቦም ኣብ ጭብጥታት ዝተመስረቱ መጽናዕቲታት፡ "ኮነ ኢልካ ንምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ዝተማህዘ ጠቕነ እዩ" ብምባል ብድፍረት ክኽሕዱ ሰሚዕናዮም። ሕሉፍ ሓሊፎም ኣብ ኤርትራ ርኡይ ዝኾነ ምምሕያሽ ሰብኣዊ መሰላት እናተመዝገበ ይኸይድ ምህላዉ ከእምኑ ይሃልኩ። ዓጃይብ እዩ።

ኣብ ሓደ ሃገር፡ ውሕስነት ሰብኣዊ መሰላት ዝረጋገጽ፡ ብህዝቢ እምነት ተነቢሩሉ ብዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም እዩ። ካብ ሃገራዊ ቅዋም ወጻኢ፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ይኹን ካልእ ምዝራብ ፍረ ኣልቦ እዩ። ብቅዋም ዘይትምራሕ ሃገር፡ ውልቀ ሰባት ከም ድልየቶም ዝዕንድሩላ፡ ብኣንጻሩ ኣብዝሓ ህዝቢ ግዳይን ኣደዳ በላዕቲ-ሰብን ዝኾነላ ምኽና፡ ከይተሓልመ ዝተፈትሐ እዩ። ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ/ህግደፍ እትምራሕ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ቅዋም ዘበሃል ዘይብላ፡ ብድልየትን ትእዛዝን ሓደ ውልቀ-ሰብን እሙናት ኮራኹሩን እትግዛእ ሃገር እያ። እቲ ንማሕበረ ሰብ ዓለም ንምድንጋር፡ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዝተዳለወ፡ ብ97 ጸዲቑ ተባሂሉ ብዙሕ ዝተጃህሩሉ "ሃገራዊ ቅዋም"፡ ን15 ዓመታት ኣብ ከብሒ ኢሳይያስ ተገኒዙ ጸኒሑ፡ ብዕሊ ከምዝሞተ፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ተኣዊጁ እዩ።

ስለዚ ሃገራዊ ቅዋም ዘይብላ ኤርትራ፡ ብትእዛዝ ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ብዙሓት መራሕቲ ብውሳይ ፎቐዱኡ ሞይቶም ተረኺቦም እናተባሃሉ ዝጠፍኡላን፡ ብዘይ ፍትሕን ፍርድን፡ ን10ተታት ዓመታት፡ ኣብ ዝተኣሰሩሉ ጋህሲ ዘይፍለጥ ዝዳጎኑላ ሃገር'ያ። ዜጋታት፡ ብኣባላት ሃገራዊ "ድሕነትን ጸጥታን" ካብ ገዝኦምን ጎደናታትን እናተወጠጡ፡ ከም ናይ ሕድሪ ኣቕሓ፡ ኣብ መደበራት ፖሊስ ተሞቒሖም፡ ንዓመታት ብዘይ ሓታቲ ዝበልዩላ ሃገር እያ። ዜጋታት ክሶም ኣብ ቤት-ፍርዲ ቀሪቡ ብጠበቓ ክሟገቱ ዘይክእሉላ፡ ብፍሉይ ወታደራዊ ፍርዲ፡ ኣብ ዘይፍለጥ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጕኖም ዝማስኑላ ሃገር እያ። መንእሰያት ኤርትራ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዕድመኦም ሙሉእ ብዘይ ደመወዝ፡ ጊሎትን ከደምትን ህግደፍን ላዕለዎት ጀነራላትን ኮይኖም ከርፋሕ ሂወት ዘሕልፉላ ሃገር እያ። ዜጋታት፡ ስርዓተ ምሕደራ ህግደፍ መሪሩዎም ናብ ስደት ክምርሑ ክብሉ፡ ብሓይልታት ጸጥታ ህግደፍ፡ ፎቐዶ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ብተመልከተለይ ጥይት፡ ዝቕዘፉላን ቀለብ ኣራዊት ክኾኑ ዝፍረዱላ ሃገር እያ። ስድራ ግዳያት፡ ንቡር ሓዘን ከይገብሩን ዓው ኢሎም ከይበኽዩን ዝኽልከሉላ ሃገር እያ። ኣብ ጉዕዞ ስደት፡ ኣብ ምድረ-በዳ ሲናይን ሰሃራን ብጾሓይ ሃሩር፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብምጥሓል፡ ብተደጋጋሚ ዝቕዘፉ ዘለዉ ወገናትና፡ ኣብ መሬት ዓዶም ንቡር ሓመድ ድብ ተነፊጉዎም፡ ኣብ ስደት ኣብ ጊዝያዊ መቓብር ተደብዮም ክተርፉ ዝብይን ፋሽስታዊ ስርዓት ዝገዝኣ ዘሎ ሃገር እያ ኤርትራ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ዝተወሰኑ ኣብነታት፡ ናይ'ቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝወርዱ ዘለዉ መዳርግቲ ዘይብሎም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት እዮም። እዚኦም ኩሎም ተደማሚሮም፡ መግለጺ ሓቀኛ መንነት ና'ይ'ቲ ኣብ ሃገርና ዝገዝእ ዘሎ ፋሽስታዊ ስርዓት እዮም። ኢሳይያስን ጉጅልኡን ኣብ ልዕሊ'ቲ ብሂወት ዘሎ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ስደት ሂወቶም ዝሰኣኑ ዜጋታት ሕሱም ጭካነ ዘርኣዩ እዮም።

ንመንእሰያትና ካብ ሙህሮን ንቡር ማሕበራዊ ሂወትን ዝኣገደ፡ ከይፈተዉ ሃጽ ኢሎም ናብ ስደት ክጠፍኡ ዘገደደ ስርዓት፣ ሂወቶም ምስ ተቐዝፈ፡ ንዘልኣለም መዕረፊት ትኾኖም፡ ዕትብቶም ዝተቐበረትላ ጭራም መሬት ዝነፍግ ስርዓት፡ ብጭካነን ሕሱም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ዘይተኸሰሰ ደኣ፡ መን ክኽሰስ? ኣብ መጋባእያ ዓለም ቀሪቡ ብከቢድ ወንጀል ዘይተፈረደ ደኣ መን ካልእ ክፍረድ?

ከም'ዚኦም ዝመሳሰሉ መወዳድርቲ ዘይብሎም፡ ዓለም ብዓለሙ ዝፈለጦም ጨካን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት እናፈጸመ እንከሎ እዩ፡ ዓይኑ ብጨው ተሓጺቡ፡ "ኣብ ልዕለይ ጠቕነ ይወርድ ኣሎ" እናበለ ዘእዊ። ብተመሳሳሊ እቶም ጊዝያዊ ጥቕሚ ዘስለሎም፣ እናረኣዩ ዝዓወሩ፣ እናሰምዑ ዝጸመሙ ደገፍቱ ድማ፡ ከም ፓፓጋሎ፡ ሓሶት ህግደፍ ክደግሙ ዝህውትቱ ዘለዉ።

እዚ ዓይኒ ኣንቁሪ ዝኾነ ክሕደት'ዚ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዘየናሕሲ ፍርዱ ዝረኽበሉ ከምዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ደገፍቱ ድማ፡ ዕድመኦም ሙሉእ፡ ካብ ከርሶም ዘይወጽእ ጣዕሳ፡ ይሙዕጉ ምህላዎም ክስተውዕሉ ይግባእ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዝሓለፉ 24 ዓመታት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈጸሞም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ንዓለም ከይቃልዑ፡ ንኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት፡ ናብ ኤርትራ ኣትዩ መጽናዕቲ ከየካይድ ዓጊቱ ጸኒሑ እዩ። ይኹን'ምበር እዛ ጉጅለ'ዚኣ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራትን ካልኦትን፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝርከቡለን ቦታታት ተዘዋዊራ፡ ንግዳያት ኣዘራሪባን ጭብጥታት ኣሰንያን፡ በዓል 484 ገጽ መጽናዕቲ ዘርጊሓ ኣላ። እቶም ድሮ ተዳልዮም ዘለዉ መረዳእታታት፡ ውሒዶም እንተዘይተባሂሎም፡ ዝተጋነኑ ግን ኣይኮኑን። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ዘይተነገረሉ'ምበር ዘይተፈጸመ ዓይነት ወንጀል ከምዘየልቦ፡ ሕርሕራይ ጌርካ ስለ ዝፍለጥ እዩ። ወዮ ደኣ፡ ኣብ ካልኦት ኣጀንዳታት በይኖም ክንዛረበሎም ስለዝመረጽና'ምበር፡ ንህዝብታት ኤርትራ ኣብ ኩሎም ዓውድታት፡ ናብ'ዚ ወዲቖሞ ዘሎዉ ከቢድ ሓደጋ ብርሰት ዘቃልዮም፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ስርዓቱን ምኳኖም ዝሰሓት ኣይኮነን።

ምስ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብዝተታሓሓዘ፡ ሎሚ ከም ፍሉይ ምዕባለ እንርእዮ፡ እዚ ሓቂ'ዚ ብልሳን ግዳያት ኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብጉጅለ መጽናዕቲ ሰብኣዊ መሰላት ብጭቡጥ ተረጋጊጹ እዩ፤ ዓበይቲ መንግስታት ኣውሮጳ ድማ፡ ብደረጃ ፓርላማታተን ውዑይ መዛረቢ ኣጀንዳ ኮይኑ ከም ቅኑዕ ጸብጻብ ተቐባልነት ዝረኸበሉ እዋን ምኳኑ እዩ። እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ናይ ኣረኣእያ ምዕባለ፡ ድሕሪ 24 ዓመታት፡ ከቢድ ዋጋ ምስ ተኸፈሎ ዝተመዝገበ ምዕባለ ምኳኑ ኣይንስሕቶን። እዚ ሓቂ'ዚ ብኸምዚ ጎሊሁ ምቅልዑ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከቢድ ዲፕሎማስያዊ ውቅዒት ዘዕረፈሉ ክኸውን እንከሎ፡ ንተቓለስቲ ሓይልታት ኤርትራ ድማ፡ ጥጡሕ ዲፕሎማስያዊ ተደማጽነት ንምርካብ ሰፊሕ ዕድል ዝህብ እዩ።

ፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍ፡ ንዓመታት ከዊሉ ዝሓዞ ግናይ መንነቱ ብሰፊሕ መጽናዕቲ ተሰንዩ፡ ናብ ሙሉእ ዓለም ተቓሊዑ መዛረቢ ኣጀንዳ ብምኳኑ፡ ክጻወሮ ዘይክእል፡ ዕብድብድ ኣትዩዎ ይርከብ። ስለዝኾነ'ውን ከም መንግስቲ ኣሎን ዘየሎን ዓቕምታቱ ኣፍሲሱ፡ ነቶም በሃማት ደገፍቱ ኣገዲዱ ተሰለፍ ተኣንጎት ብምባል ንምፍሻሉ ክረባረብ ጸኒሑ ኣሎ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣብ'ታ ከም ሕዛእቲ ዓጊቱ ሒዙዋ ዘሎ ኤርትራ ዝለመዶ ነውራን ጽዩፍን ሰነ-ምግባር፡ ኣብ ከተማ ጀነቭ፡ ብልኡኻቱ ኣቢሉ፡ ንኣባላት ጉጅለ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከፈራርሕን ከጉባዕብዕን ከምዝተራእየ ኣብ መድረኽ ተቓሊዑ ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ወኪሉ ተስፋሚካኤል ገራህቱ ድማ፡ ንመንግስቲ ህግደፍ ወኪሉ፡ ንክብሪ ተሳተፍቲ ዘይምጥን ዕዋላዊ መደረ ከቕርብ ብምፍታኑ፡ መግለጺኡ ክውድእ ዕድል ከምዘይረኸበ ተፈሊጡ እዩ። ገና በቲ ጉጅለ ሰብኣዊ መሰላት ዝቐረበ ሰፊሕ መጽናዕቲ ከይተመርመረ እንከሎ፡ ወኪል መንግስቲ ህግደፍን ልኡኻቱን ኣብ ዓዲ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን፡ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰል ዘኽስሶም ነውሪ ብምንጽብራቕ ተቓሊያም ምህላዎም ከቢድ ዲፕሎማስያዊ ጽፍዒት ከምዘወረዶም የረድእ። መንግስቲ ህግደፍን ደገፍቱን ዝነብሑ እንተነብሑ፡ እዚ ሓቂ'ዚ ክቕየር ዘይክእል፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን፡ ኣብ ዝባኖም ዘሎ ዘይሃስስ ገጸብ(በሰላ) ውጽኢት እዩ። ስለዚ፡ ፋሽስት ህግደፍ፡ ነዚ ክዉን ሓቂ'ዚ ንምዕባጥ ክንዲ ዝገዓረ እንተገዓረ፡ መሕጸሪ ዕድሚኡ'ምበር፡ ኣብ ባይታ ንዘሎ ዝፈጠጠ ሓቂ ዝሑል ማይ ጀሊሑ፡ ዝልቅባ ናይ ስልጣን ዕድመ ኣይትህሉዎን።

ኩላትና ደለይቲ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታትን፡ ነዚ ኣብ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ዓበይቲ መንግስታትን እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ግንዛበ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ፡ ብዝያዳ ብምጥንኻር፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምሕጻር ከነውዕሎ ይግባእ። ሎሚ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ እግሪ እግሩ እናሰዓብና፡ ዲያብሎሳዊ ባህርያቱን ተግባራቱን ንዓለም ንምርዳእ፡ ብሕኑን ክንቃለሰሉ ዝግባእ፡ ኣገዳሲ ዓወት ክሕፈሶ ዝኽእል መዳይ ናይ ቃልስና እዩ። ብፍላይ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘድምዕ ውጽኢት ንምጉንጻፍ ከካይዱዎ ዝጸንሑን ዘለዉን ዘይሕለል ቃልሲ፡ ብጽንዓት ክቕጽሉዎ ይህልዎም። ውድብና ሰደግኤ፡ ብዘለዎ ዓቕሚ ነዚ ጨካን ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ ብምቅላዕ ንምስዓሩ፡ ኣብ ጎድኒ ህዝቡን ተቓለስቲ ሓይልታት ኤርትራን ተሰሊፉ ክቃለስ እዩ።

## ኣዋጃትን ፖሊሲታትን ህግደፍ፡
## ድኽነት ምንካይዶ? ድኽነትን ስደትን ምስፍሕፋሕ?

ሃገር ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ካብ ዝተሸከመ መንግስቲ፡ ህዝቢ ብዙሕ ከምዝጽበ ዘይስሓት ሓቂ እዩ። ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ፡ ህዝቢ ብድምጹ ቆጺሊ ዘንበረሉ ይኹን፡ ብገዛእ ኢዱ ስልጣን ዝጨበጠ ሓይሊ ማለት እዩ፤ ህዝቢ ባዕሉ ካብ ዝመረጾ መንግስቲ፡ ዝጽበዮ ለውጢ ብጣዕሚ ዓብይ ምኳኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ከም ትጽቢቱ እንተዘይሰሚሩሉ ድማ፡ በታ ቆጺሊ ዘንበረሉ ካርድ ገይሩ ከምዝቕጽዮ ኣየጠራጥርን። ዋላ ቆጺሊ ንዘየንበረሉ መንግስቲ እንተኾነ'ውን፡ ሃገር ከመርሕ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝሓዘ ክሳብ ዝኾነ፡ ለውጢ ከረጋግጽ ምጽባዩ ዘይተርፍ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ብተፈጥሮኡ ለውጢ ዝናፍቕ ኣእምሮ ዝተዓደለ ሂወት ዘለዎ ፍጡር እዩ። ኩሉ ጊዜ፡ ንዝተመነዮ ለውጢ ክተግህ ድማ ግድነት እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ካብ ግንቦት 1991 ጀሚሩ ሃገር ክመርሕ፡ መንግስታዊ ስልጣን ንበይኑ ብሒቱ ዝሓዘ ምኳኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ከም ዝኾነ ህዝቢ፡ ካብ መንግስቲ ህግደፍ ለውጢ ምጽባዮም

ኣይተረፈን። ትጽቢት ህዝብታትና፡ ካብ ካልኦት ፍሉይ ዝገብሩዎ ሮቛሒታት ከም ዘለዉ፡ እንስሕቶ ኣይኮናን። ንምንታይ እንተ ኢልና ዝስዕቡ ሓቅታት ምጥቃስ ይከኣል።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ን50 ዓመታት ምእንቲ ነጻን ልኣላዊትን ሃገር፡ ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልስን ነዊሕን መሪርን ዕጥቃዊ ተጋድሎ ዘካየዱ እዮም። ካብ ጨካናት ተበራረይቲ ባዕዳውያ ገዛእቲ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ተናጊፎም፡ ኣብ ነጻ ሃገሮም ብናይ ባዕሎም መንግስቲ እናተመሓደሩ፡ ኩሎም'ቶም ብባዕዳውያን ገዛእቲ ዝተሓረሙዎም ረብሓታት ንምትንጻፍ እዩ። ኣብ ክሊ ብዙሕነቶም፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን መሰልን ማዕርነትን ክኽበረሎም፣ ካብ ሕሱም ማሕበራውን ቁጠባውን ድኽነት ተናጊፎም፡ ብመንገዲ ብልጽግናን ምዕባለን ንቐድሚት ክምርሹ፣ ቅኑዕ ምሕደራን ምዕሩይ ፍትሕን ክሰፍነሎም ስለዝደለዩ እዮም ከቢድ መስዋእቲ ከፊሎም ዝተዓወቱ። ስለዚ እዚ ህዝቢ'ዚ ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ፡ በቲ ክመርሓካ እየ ኢሉ መንግስታዊ ስልጣን ዝጨበጠ ሓይሊ፡ ዝተቓለሰሉሎም ዕላማታት እናተተግበሩ፡ ርኡያት ለውጥታት እናስተማቐረ ንቕድሚት ክምርሽ ምምናዩ ግድን እዩ።

በዚ መንጽር፡ መንግስቲ ህግደፍ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠላ ዕለት ጀሚሩ፡ ምስ ትጽቢት ህዝብታትና ተሳንየዶ ወይስ ተጓነጸ? ንምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልካ ምርኣይን፡ ምስቶም በብእዋኑ ዝቀያየሩ መብጻዓታት ብምንጽጻር፡ እንታይ ተሰፋታት ክህልዉ ይኽእሉ ዝብል ምርኣይ ጠቓሚ እዩ ኢልና ንኣምን። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝመርሖ ዘሎ፡ ናይ ትማሊ ውድብ ህግሓኤ ናይ ሎሚ ህግደፍ፡ ገና ካብ ሜዳ ጀሚሩ ዝነዝሖም ዝነበረ መብለጭለጭቲ ጭርሖታት ብዙሓት እዮም። ህዝብታትና ይኹን ተጋደልትና፡ ናብ'ቶም ሙቁራት መጎምጀውቲ መብጻዓታት፡ ብኸመይ ከምዝበጽሑ ግን፡ ንጹር መንገዲ ተሓቢሩዎም ኣይፈልጥን። እቲ ጽባሕ ዝኸውን፡ ብሽም ጭርሖ ነጻነት ተጎልቢቡ፡ ብኢሳይያስን ጉጅልኡን ጥራሕ ብምስጢር ዝተታሕዘ እዩ ነይሩ። ብፍኑው መንገዲ፡ ድሕሪ ነጻነት፡ ኩሉ ኤርትራዊ ካብ ሃብቲ ሃገሩ ተማቓሪሑ ከምዝጸግብ ይዝንተወሉ ነይሩ። ብገለ-ገለ ድማ፡ ነጻነት ትምጻእ'ምበር ኣዳመይ ከም ሽጣራኣ ትገብር ዝብሉ'ውን ነይሮም እዮም። ስለዝኾነ'ውን ትጽቢት ህዝብታትና ድሕሪ ነጻነት ብንጹር ራእይ እናተኾስኮሰ ዝመጸ ኣይነበረን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝመርሖ ጉጅለ፡ ነጻ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ምሕረቱ ኮይና፡ ናብ'ቲ ንሱ ኀብለል ኮይኑ ዝረኣየሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባለ ንምውንጫፉ ኣይሓልምን ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ ስልጣን ዝጨበጠ ሓይሊ፡ መወዳእታኡ ባህሪኡ ዝዓደሎ ከምዝኸውን ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ክብገስ እንከሎ፡ ንዝመርሖ ሃገርን ህዝብን፡ ካብ ድኽነት ናብ ዝኸፍአ ውድቀት ክኖኽቶ እየ ኢሉ ስትራተጂ ሓንጺጹ ይብገስ እዩ ምባል ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣብ ቅድሚ ዝመርሖ ህዝቢ ይኹን ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ብኹሉ መዳይ በሪኹ ክረአ ምሕላሙ ዘይተርፍ እዩ። እታ ዝመርሓ ዘሎ ሃገርን ህዝብን፡ በቲ ዝተኸተሎ ቁጠባዊ ፖሊሲ ሰማይ ዓሪጉ፡ ንዘልኣለም ከም እዝጊሄር/ኣላህ እናተኸበረን እናተዘመረሉን ክነብር ምምናዩ ዘይተርፍ'ዩ። እቲ ውዒሉ ሓዲሩ ኣወዳድቓቕኡ ዝጽይቐሉ፡ ጽቡቕ ሕልሙን ኣብ ባይታ ዝትግብሮን ፈጺሙ ዘይቃዶ ስለዝኸውን እዩ።

ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ናይ 30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ተጋድሎኦም፡ ኣብ ኢዶም ዘሎ ኩሉ ነጊፎም እዮም ተቓሊሶም። ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዝብል ፋሽስታዊ መርሆ ተኸቲሉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ከቢድ ሰብኣውን ማሕበረ ቁጠባውን ዕንወት ኣውሪዱ እዩ። ግን ድማ፡ ህዝብታትና ዝኸፈሉዎ ዋጋ ኣዝዩ ከበደ'ምበር ሕልሚ ባዕዳውያን መንግስታት ኢትዮጵያ ፈጺሙ ኣይሰመረን። ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር ተጋድሎ፡ ነጻነቶም ክጓናጸፉ እንከሎዉ፡ ብኹሉ መዳይ ዝዓነወት ሃገር እዮም ተረኪቦም። ስለዚ ህዝብታትና፡ ኣብ ዝባኖም ዝተዳዕነነ ከቢድ ቁስሊ ክድሕኑ፡ ካብ ዝመርሖም መንግስቲ፡ ሩፍታን ክንክንን ክጽበዩ ግድን ነበረ። ኣብ ዓዲ፣ በረኻን ወጻእን ተበታቲኖም ዝጸንሑ ተቓለስቲ ደቆም፡ ኣብ ሑቕፊ ሃገሮም ክተኣኻኸቡ ሃንቀውታ ነበሮም። ብደገፍ ጽፉፍ ኣመራርሓ መንግስቲ፡ ኣብ ትሕቲ ዘተኣማምን ሰላም፡ ዝዓነወ ቁጠበኦም ከሕውዩ፣ ደረጃ ብደረጃ ዓቕምታቶም እናበረኸ፡ ልምዓት ሃገሮም ክበራብሩ፡ ትጽቢቶም ነበረ።

ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ ተግባራት ርእሰ ፋሽሽት ኢሳይያስ እንታይ ነበረ ምስ ንብል፡ ምስ ትጽቢት ህዝብታትና ዝራጸም ኮነ። ህዝቢ መሊኡ ሩፍታን ምርግጋእን ከይረኸበ እንከሎ፡ ብኣዋጃትን መግለጺታትን መንግስቲ ህ.ግ. ክናወጽ ጀመረ። ንሳቶም ድማ፡-

1. ብ20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡- "ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን እዩ፤ ብስም ውድባት ምጥቓስ ከም ወንጀል እዩ ዝቑጸር" ብምባል ሰላምን ምርግጋእን ሃገር ዝዘርግ ኣዋጅ ብኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተኣወጀ። እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ነቲ ናይ ጽባሕ ጽቡቕ እናተተስፈወ ዝተጋደለን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለን ህዝቢ፡ ዘይሓሰቦ ነጠባ መርድእ ኮኖ። ህዝብታትና፡ በዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ኣብ ሞንጎ'ቶም ኣስመራ ዝኣተዉን ገና ክስዕቡ ዝተጸበዩዎም ተቓለስቲ ደቆም፡ ሓድሽ ዠናት ሕድሕድ ከምዝእጎድ ግሉጽ ኮነሎም። ዝተጸበዩዋ ሰላም ካብ ኢዶም ከምዝበነነት ቁልጭ ኢላ ተራእየቶም። ናይ 20 ሰነ ኣዋጅ፡ ካልኦት ኣዋጃት እናወለደ ክኸይድ ግድን ነበረ። ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን እንተተባሂሉ፡ ዠናት ኣብ ልዕሊ'ቶም "ሓሸውየ" ክብሉ ዘይተፈቐሎም ውድባት ምውላዕ ግድን እዩ። ስለዚ ንዕኡ ዝኸውን ሓድሽ ሓይሊ ክምልመል ነይሩዎ። እዚ ብትምክሕቲ ዝሓበጠ ዕቡድ ጉጅለ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ዝውልዖ ዠናት፡ ዶብ ምስጋሩ ከምዘይተርፍ ሕርሕራይ ገይሩ ብውሽጡ ዝጠጀኦ

ኣጀንዳ ነይሩዎ፤ ብተግባር ድማ፡ ደጋጊምና ዝረኣናዮን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈልናሉን እዩ። ስለዚ ገዚፍ ወታደራዊ ዓቕሚ ንምህናጽ ዘብቅዖ ካልእ ኣዋጅ ክእውጅ ግድን ነበረ።

2. **ቀጺሉ ዝሰዓበ ፋሽስታዊ ኣዋጅ፡ መቐጸልታ ናይ ሜዳ ግፉ መንእሰያት ዝኾነ ኣዋጅ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" እዩ።** ካብ 18 ክሳብ 40 ዓመት ዝዕድሚኡ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ን18 ወርሓት ናይ ኣገልግሎት ግቡእ ክፍጽም ግድን እዩ ተባሂሉ። ንዘይፈጸመ ድማ፡ ብደዉ ራዕራዕ ዘብል መቕጽዒ ሕግታት ተደርደረሉ። እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ነቲ ን30 ዓመታት ዝተጋደለን ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ንኡሽተይ ሩፍታ ረኺቡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቱ ክፍውስ ዘይጀመረ ህዝቢ፡ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ጾር ኮኖ። ነቲ ተረፍ ሞት ዝኾነ፡ ተስፋ መጻኢ ልምዓት ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ወለዱ፡ ካብ ማእቶት ተነጺሉ ካብ ምህሮን ሓዳርን ተሓሪሙ፡ ኣብ በረኻታት ዕድሚኡ ብኸንቱ ክበሊ፡ ዓበይቲ ወለድን ህጻውንትን ብዘይ ጠዋሪ ዘትረፈ ናይ ዕብዳን ኣዋጅ እዩ።
ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት(ባርነት)፡ ካልእ ኣዋጅ ምውላዱ ድማ፡ ዘይተርፍ ነበረ። ሃገር ዘይትጸሮ ሰራዊት ክትሃንጽ መዲብካ፡ ብቑዕ ቁጠባዊ ዓቕሚ ከይወነንካ ምውፋር ኣይከኣልን። ስለዚ ዝወረዶ መከረኛ ህዝቢ፡ ኣብ ዘይዓቕሙ ዝጸሮ፡ ብጽቡቕ ሽም ዝተጎልበበ ኣዋጅ፡ ፈተወ ጸልአ ክትግብሮ ግድን ነበረ።

3. **እቲ ካልእ ኣዋጅ፡ "መሕወዪ ግብሪ" ዝብል ስያመ ዝተዋሃቦ ኣዋጅ እዩ።** እዚ ኣዋጅ'ዚ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ፡ ካብ እቶቱ 2%(ክልተ ካብ ሚኢቲ) ንመንግስቲ ህ.ግ. ክዓዲ ዘገድድ ኣዋጅ እዩ። ነዚ ኣዋጅ'ዚ ዘይተግበረ ዜጋ፡ ዝኾነ ይኹን መባእታዊ መሰላት ይሕረሞ። ሕሉፍ ሓሊፉ ነዚ ግቡእ ከይፈጸመ ዝጸንሐ ዜጋ፡ ኣብ ስደት እንተዓሪፉ፡ ኣብ ሃገሩ ንቡር ሓመድ ድብ ከይረክብ ይኽልከል። ወይ ድማ፡ ቤተሰብ መዋቲ፡ ኩሎም'ቶም ዘይተኸፈሉ ዕዳታት ብምዕጻው ጥራሕ፡ ኣብ መሬቱ ክቕበር ዘገድዱሉ ኩነታት ዝፈጠረ እዩ።

4. **ካልእ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ጽባሕ ነጻነት ዝተተግበረ ኣረሜናዊ መምርሒ፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ካብ ስርሖም ናይ ምጽልጻል ስጉምቲ እዩ።** እዚ ስጉምቲ'ዚ ንብዙሓት ዜጋታት ካብ ስራሖም ዘመዛበለን፡ ንዝኣልዩዎም ስድራታት ኣብ ከቢድ ጸገም ዘውደቐ ሰሎሉኡ ዘይተፈወሰ ጨካን መምርሒ እዩ ዝነበረ። ነዚ ቦታታት'ዚ ክም መተካእታ ዝተቐመጡ ድማ፡ ነቲ ሞያ'ቲ ዘይበቕዑ፡ ናይ ኢሳይያስ እሙናት ብምዃኖም ጥራሕ ዝተመደቡ ተጋደልቲ እዮም። እዚ ንባዕሉ፡ ነቲ ኣብ ጽባሕ ምውጋድ ባዕዳዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ሰለይ ዝብል ዝነበረ ሲቪላዊ መንግስታዊ ዕዮ መሊሱ ክርመስ ዝገበረ እዩ። እዚ ኣብ መስርሕ ምሕዋይ ዝዓነወ ቁጠባ ሃገር ኣሉታዊ ተራ ከምዘለዎ ኣይሰሓትን።

5. **ፖሊሲ ጥሙር ማሕረስ፡-** ሓደ ህዝቢ ካብ ዝተሓተ ደረጃ እናበረኸ ክኸይድ እንተኾይኑ፡ ነተን ኣብ ኢዱ ዘለዋ ጸጋታት ብግቡእ ክጥቀም እናተባባዕካ ክሰርሕ ብምግባር እዩ። ገና ኣብ ኢዱ ዘለዉ ዓቕምታት ብግቡእ ተጠቒሙ ከረጋግጾ ዝኽእል ምዕባለ ክይጸንቀቐ እንከሎ፡ ብሓይልን ብሕግን ክተጓይዮ ምፍታን፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ሸውሃት ህዝቢ ዝቐትል፡ ንንቡር መስርሕ ምዕባለ ዝኾልፍ ፍጹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ፖሊሲ እዩ። ናይ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት ጌርና እነቕምጦ፡ "ኣዋጅ ጥሙር ማሕረስ" ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ እዩ።

እዚ ፖሊሲ'ዚ ነቶም ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ዝርከቡ ስቡሓት ጎላጉልን ሰፋሕትን ግራውቲ ሓረስቶት ዝጠመተ እዩ። ላዕለዋይ መልክዕ ናይ ፖሊሲ'ዚ፡ ሓረስታይ ንመሬቱ ዘበናዊ ዱኽዕን ምሩጽ ዘርእን እናተጠቐመ፡ ብትክትራት መንግስቲ ሓሪሱ ምህርቱ ክኻዕብት ብዝብል መዓር ዝተጎልበበ እዩ። ግን ድማ፡ ብቐንዱ ናይ መንግስቲ ህግደፍ ካዝና ንምምላእ ዝዓለመ እዩ። እዞም ኣብ ክሊ ጥሙር ማሕረስ ዝተጠቓለሉ ግራውቲ፡ መንግስቲ ባዕሉ ብትራክተር ሓሪሱ፡ ንቢራ ወይ ንባኒ ዝተሓሰበ ስገምን ስርናይን ክዝራእ ዝተመደበ ነበረ። እቲ ዓቕሚ መንግስቲ ዝፈቕዶ ሓገዝ እናተገበረሉ ብኣቡዑሩን ጉልበቱን ኣጣሚሩ፡ ሓሪሱ ኣልሚዑ ምህርቱ ከዕቢ ዝኽእል ዝነበረ ሓረስታይ፡ ዓዲ ውዒል ኪኸውን ዝገበረ እዩ። ኣብኡ ጥራሕ ግን ደው ኣይበለን። እቲ ዝተረኸበ እቶት ተኣኪቡ፡ ብቐጥታ ናብ መኽዘን መንግስቲ ክኣቱ፡ ኩሎም ኣሎዉ ዝበሃሉ ዕዳታት(ናይ ትራክተር፣ ዱኽዒ፣ ምሩጽ ዘርኢ ..ወዘተ) መንግስቲ ሒሳቡ ምስ ኣልዓለ፡ ተረፍ እንተሃልዩ፡ ብዝተሰለዐ ተመን፡ ናይ ረዲኤት ስርናይ ብምኽፋል ዝዕጾ እዩ። እዚ ፖሊሲ'ዚ ጉልበት ሓረስታይን ኣቡዑርን ዓዲ ውዒል ገይሩ ዘምከነ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ መንግስቲ ህግደፍ ከእትዎ ዝተጸበዮ ምህርቲ ዘንቆልቆለ እዩ። ፖሊሲ ጥሙር ማሕረስ፡ ንብዙሓት ሓረስቶት ከበሳ፡ ዋንነት መሬት ዝመንጠለን፡ ንዝኸፍአ ድኽነት ዘሳጥሐ ምዃኑ ኣስሚርናሉ ክንሓልፍ ንደሊ።

6. **ናይ ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ናይ ንግዲ ፖሊሲ፡ ናይ ውሽጢ ሃገር ንግዳዊ ምንቅስቓስ ይኹን፡ ናይ ወጻእን ኣታውን ንግዲ ብዝምልከት፡-** ብመስርሕ ንዓበይትን ማእከሎትን ነጋዶ ሃገርና፡ እናዳቐቐ ዝሸደን፡ ጠፊሾም ካብ ዕዳጋ ወጻኢ ኮይኖም ዝተኾርመዩን፡ ገሊኦም ድማ ካብ ዓዶም ነፊጾም ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ንግዳዊ ንጥፈታቶም ከካይዱ ዘገደደ እዩ። ዓውዲ ቁጠባን ንግዳዊ ንጥፈታትን ሃገር፡ ኣብ ምሕረት ካምፓኒታት ህግደፍ ወዲቑም፡ ህዝብታትና ኣድለይቲ ቀረባት፡ ካብ ሹቕ ሕድሪ ህግደፍ ብኩቦን እናተተኾበሎም ከርፋሕ ሂወት ክሕልፉ ዝገበረ እዩ። መንግስቲ ህግደፍ ኩሉ ዓይነት ቁጠባ ብካምፓኒታቱን ኣብ ዓውዲ ስለላ ዝተዋፈሩ ልኡኻቱን ጥራሕ ክሕጽር ብምግባር፡ ንነጻ ዕዳጋ ምኹላፉ፡ ሃገርና በብእዋኑ ናብ'ዚ ወዲቓቶ ዘላ ከቢድ ቁጠባዊ ምንቁልቛል ክትሸመም ዝገበራ ምዃኑ፡ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን።

7. **ወፍሪ ምዕናው ኣባይቲ፡-** ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ብጣዕሚ ሓሳድ፡ ራህዋን ብልጽግናን ዜጋታት ክርኢ ዘይደሊ ስርዓት እዩ። ኣብ ወጻእን ኣብ ውሽጥን ዝነብሩ ወገናት፡ ጨቆቕ ኢሎም ኣዋህሊሎም ዝሃነጹወን መጽለሊ ዝኾኖኦም ኣባይቲ፡

ሕጋዊ ኣይኮኑን ብዝብል ምስምስ፡ ቡልዶዞራት ኣዋፊሩ ብጭካነ ኣዕንዩ። ብኣሽሓት ዝኾኑ መንበሪ ኣባይቲ ናብ ሑጻ ስለዝተቐየሩ፡ ብርክት ዝበሉ ወገናት፡ ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ክድርበዩ ገይሩ ኣሎ። ይቕሬታ ዘይገብር፡ ንሕስያ ዘይፈልጥ ስርዓት፡ ኣብ ምዕባለ ሃገርን ህዝብን ኣወንታዊ ተራ ክጻወት ይኹን ድኽነት ንምውጋድ ክቃለስ፡ ባህርያቱ ከምዘይፈቕደሉ ብተግባር ዘረጋግጽ እዩ።

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዘበነ ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ህግደፍ ዝተጸበዩዎ ኣይሰመረሎምን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቶም በብእዋኑ እናተረመሰ፡ ድኽነትን ጥምየትን መግለጺኦም እናኾነ ካብ ዝመጽእ ዓመታት ሓሊፉ። ቁጠባዊ ዕብየት ይኹን መጻኢ ብሩህ ተስፋ ዝበሃል ካብ ዝርሕቆም ነዊሕ ኮይኑ።

ፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ናይ ስልጣን ዓመታት፡ ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወት ህዝብታትና፡ እዚኣ ትበሃል ዝተጨበጠት ለውጢ ኣመዝጊብና ኢሉ፡ ብድፍረት ዝገልጻ የብሉን። በብእዋኑ ዘቃልሖምን ኣተኣታቲናዮም እናበለ ዝንየተሎም ዘበናዊ ናይ ሕርሻ መሳርሒታት፣ ኣስፋሕፊሕናዮም ዝብሎም ዘበናዊ ሕርሻታት፣ ካብ ቢሻ ዝርከብ ወርቂ…ወዘተ ብድምር፡ ካዝና ህግደፍ ካብ ምምላእን፡ ኣብ ሓለዋ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ካብ ምውዓል ሓሊፉ፡ ኣይኮነንዶ ነቲ ኣብ ገገዝኡ ተኾርምዩ ዘሎ ውጹዕ ህዝቢ ከማቓርሕ፡ ነቲ ዋርድያ ስርዓቱ ኪኸውን ጀሆ ዝሓዞ ሰራዊት፡ ተመጣጣኒ ደመወዝ ይኹን ንኸብዱ ዝኸውን እኹል ስንቂ ክቕርበሉ ኣይበቕዐን።

እቲ ኣዝዩ ዝኸፍአን ዘደንጹን ድማ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ድሕሪ ናይ ልዕሊ 20 ዓመታት ዘበነ ስልጣኑ፡ ምስ ናይ ማይ ኣገልግሎት ብዝተታሓሓዘ ዝተቓልሐ ናይ ህዝቢ መረረ ብብደዐ ክምልስ እንከሎ "ማይ ኣይኮነን ናብ ሰብ ዘለዎ ዝመጽእ፤ ሰብ እዩ ናብ ማይ ዘለዎ ዝኸይድ" ኢሉ ምምዳሩ እዩ። ሃገርን ህዝብን ይመርሕ ኣሎኹ ዝብል መንግስቲ፡ ናብ ህዝቢ ዝርከቦ ቦታ፡ ኣገልግሎት ማይ ዘይቀረበ ደኣ እንታይ ክባቑጥ እዩ ኣብ ስልጣን ዝተኾደጨ ዝብል ሕቶ የልዕል። እንተኾነ ግን፡ ብዝሓለሞ ገዚፍ ምዕባለ ከም ኣምላኽ ክኽበር ዝተጸበየ መራሒ፡ ኩሉ ነገር ካብ ኢዱ ሃዲሙ ጥራሕ ኢዱ ምስ ተረፈ፡ ብጽላለ ዓወንወን ክብልን፡ ንዝሓዞ ቦታ ዘይምጥን ርካሽ መደረ ከስምዕ፡ ዘገርም ኣይኮነን። ጨካናት መንግስታት፡ ተስፋ ኣብ ዝቖረጹሉ እዋን፡ ህዝቢ ክሳብ ተነጺፎም ክጠፍኡ ከምዝሓስቡ ዘይንስሕቶ ሓቂ እዩ።

ምስ ሞትካ ጥዕና ተጸበ ከም ዝበሃል፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን መሓውሩቱን፡ ኣብ ህዝብታትና ኣውሪዶሞ ዘለዉ ሕሰም ምፍዋስ ምስ ተሳኣኖም፡ ብመንፈስ ተስፋ ምቑራጽ፡ "ስራሕ ሎሚ ራህዋ መጻኢ" "ሎሚ ንጸመም ጽባሕ ክርህወና እዩ" ብዝብሉ መሰልቸውቲ መጠበሪታት፡ ህዝቢ ከብዱ ብጥሙዩ፡ ዝሃቡዎ ዕዮ ሰልከም እናበለ ክዓየሎም ይልህልሁ ኣለዉ። ካልእ ናይ ህግደፋውያን ንፍሽለቶም መኸወሊ ዝጥቀሙሉ መመኽነይታ፡ "ገና ኣብ ናይ ዅናት ሃዋሁው ኢና ዘሎና፤ ልኣላውነትና ተጋሂሱ፡ መሬትና ተወሪሩ እዩ ዘሎ"፡ ዝብል እዩ።

ብርግጽ ምስ ጉዳይ ዶብ ብዝተታሓዘ 'ኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት' ኩነታት ከምዘሎ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ግን፡ ንክልቲኦም ሃገራትን መንግስታትን ዝጸሉ'ምበር፡ ንኤርትራ ንበይና ጥራሕ ብኣሉታ ዝጸልዋ ኣይኮነን። ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ክልቲኦም መንግስታት ተላዚቦም ኣብ ባይታ ዝትግበረሉ ኩነታት ኣይተፈጠረን ዘሎ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ክሊ'ዚ ኮይንካ፡ ብሃገር ደረጃ ክዕመሙ ዝግበኦም፡ ናይ ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ጥዑይ ምሕደራን ልምዓትን መደባት የለዉን ማለት ኣይኮነን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ'ዚ እንፈልጦ ኩነታት ኮይኑ፡ ብሃገር ደረጃ ክዓሞም ዝመደቦም፡ ተደጋጋሚ ሃገራውን ክልላውን ምርጫታት ከካይድ፡ ናይ ሰላም ዲሞክራስን ልምዓትን መደባት ከሰላስል ጸኒሑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዓለም ዝመስከረሉ፡ ንዓና ንኣፍሪቃውያን ዘሐብንን ሰውራዊ ቅንኢ ዘሕድርን ምዕባለ ከመዝግቡ ንዕዘቦም ኣሎና። ብኣንጻሩ ፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍ ግን፡ ዝበሃግ ጭራም ምዕባለ ከመዝግብ ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ፡ ጸረ ህዝቢ፣ ጸረ ዲሞክራስን ጸረ ሰላምን ባህሪኡ፡ ኣብ ሃገርና ዝረአ ዘሎ ዓሚቕ ማሕበረ ቁጠባዊ ድኽነት፣ ገደብ ኣልቦ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ዜጋታትን፡ ንመንግስቲ ኣሜሪካ ተሓታቲ ክገብር ብኸንቱ ክህውትት ንዕዘቦ ኣሎና።

ስርዓተ ምሕደራ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኣውሪዱዎ ዘሎ መዘዝ፡ ኣብ'ዛ ኣርእስቲ'ዚኣ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ ብንጹር ክነረጋግጾ እንደሊ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ከም መራሒ ሃገር፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ንኤርትራን ህዝባን ዝተመነየሎም ጽቡቓት ተስፋታት፡ ዝኣተወሎም መብጸዓታት ብዘየገድስ፡ እቲ ኣብ ባይታ እናተተግበረ ዝመጸ እንታይ እዩ? ኣብ ትሕቲ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን፡ መጻኢ ዕድል ሃገርናን ህዝብታትናን እንታይ ኪኸውን እዩ ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልና፡ ጭቡጣት መርተዖታት ኣቐሚጥና ክነብርህ ፈቲና ኣሎና። ብርግጽ ካልኦት ተወሰኽቲ ረዘንቲ ዝኾኑ መርተዖታት ምህላዎም ግን ኣይዘንጋዕናን።

ከም መጠቓለሊ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብሰንኪ ፍጹም ጸረ ሰላም፣ ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ባህርያቱን ጭቡጣት ተግባራቱን፡ ንኤርትራ ዝተመነየላ ጽቡቕ ብዘየገድስ፡ ድኽነትን ሕሰምን ህዝብታትና እናነከየ ዘይኮነስ፡ ዓጸቦን ጥምየትን እናሳዕረረ፡ ድኽነት ሱር እናሰደደ፡ ዋሕዚ ስደትና ኣዝዩ ኣሰካፊ ብዝኾነ መንገዲ እናቐጸለ ይኸይድ ኣሎ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ዳግም ነብሱ ፈቲሹ፡ ድኽነት ህዝብታትና ነክዩ፡ መስርሕ ልምዓት ሃገር ብመንገዲ ሕውየት ከቕጽል፡ ባህርያቱ ፈጺሙ ኣይፈቕደሉን። ንነብሱ ዕድል ሂቡ መንገዲ ሕውየት ክመርጽ ዝነበሩዎ ተኽእሎታት ተጸንቂቖም፡ ዕብዳንን ጽላለን ተዓዛዚሩዎ ንጥፍኣት ህዝብታትና ተዓጢቑ ዝሰርሕ ዘሎ ሰራም ስርዓት እዩ። ዕድመ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን

ህግደፍን እናተናውሐ እንተኸይዱ፡ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኤርትራውያን ናብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ጥርዚ ክሰጋገር ምኳኑ ዘይሰሓት እዩ። ብገዚፍ መስዋእቲ ብሉጻት ደቃ፡ ህላውነታ ዘረጋገጸት ሃገር ነበረት ናይ ምኳን ሓደጋ ኣብ ዝባና ኣንጸላልዩ ምህላዉ ንርእዮ ኣሎና። ስለዚ፡ ህዝብታት ኤርትራ ካብ መስርሕ ድኽነትን ሰፊሕ ዋሕዚ ስደትን ብህጹጽ ዝገላገሉሉ ብሕታዊ መዋጽኦ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ምድሪ-ገጽ ኤርትራ ብምውጋድ፡ ህዝብታት ሓቀኛ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን በዓል ቤት ዝኾኑሉ ሰላማውን ዲሞክራስያውን መስርሕ ክትካእ ይህልዎ። ምእንቲ'ዚ ድማ ኩሉ ዓቕምታትና ብቐዳምነት፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ብምቕናዕ፡ ክንቃለስ ይግባእ። ውድብና ሰደግኤ ከም ወትሩ ብቕኑዓት መትከላዊ መርሆታት ተመሪሑን ተገሪሑን፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ካብ ሱሩ ምሒኻ ንምድርባይ ኣብ ዝካየድ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ እጃሙ ከበርክት ድሉው እዩ።

## ዓምዲ ደብዳቤታት፡-

# ብሩህ ተስፋ ተራእዩኒ፡

ዝሓለፍናዮም ዓመታት ክዝክር እንከሎኹ ውሽጠይ ይርበሽ። ከምዘይሕለፍ የለን ተሓሊፉ። ሽለብ ገለብ እናበልካ፡ ወለድኻ፣ ሓውካን ሓፍትኻን ዘይትኣምነሉ፡ ንሶም'ውን ዘይኣምኑኻ ሕማቕ ጊዜ። ዘበን ኣካሒዳ ይብሉ ወለድና። እትረግጻ ምድሪ ከይትሕስወልካ ግልጽ-ምልጽ እናበልካ፡ እንታይ ሓላ ክበሃል። መንግስቲ ህግደፍ ምሕረት ዘይፈልጥ ኣረሜን እዩ። ምስ መን ከምዘወዳድሮ ከማን ኣይፈልጥን። ዋእ! ኣብ ዕድመ ንእስነት ስለዘሎኹ፡ ምስ መንግስቲ ደርጊ ከየወዳድሮ፡ ብዛዕብኡ ዝዝክሮ የብለይን። ገና ኣብ ጊዜ ቁልዕነተይ እናሃለኹ እዩ ተቓቢጹ። ኣብ'ዛ እንፈትዋ ሃገርና ድማ፡ ብዘይ መንግስቲ ህግደፍ፡ ካልእ ንፈልጦ የብልናን። ብምኳኑ'ውን፡ ዋላ ኣይንጋገ ብላዕለዎት ሓለፍትና ክንድሰኽ ክንእሰር እንከሎና፡ ንምንታይ ኢልና ክንሓትት ከም ነውሪ'ዩ ዝመስለና ዝነበረ። ሓደ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት፡ "ንዓ ሕለፍ" ኢሉ ብዘይ ሕቶን ርእይቶን ኣብ ሓደ ሽላ ክዳጉነና እንከሎ፡ ከም ንቡር ናይ ሰበ-ስልጣናት ሓላፍነት ይመስለና ነበረ። ኣብ፡ ኦም ኣንጠልጢሎም ንጸሓይን ሃመማን ክህቡኻ እንከሎዉ፡ ሽው ዝስመዓካ ምረት ገዲፍካ፡ ግህሰት መሰል እዩ ተፈጺሙኒ ኢልካ ምሕሳብ በየናይ ፍልጠት። ዜጋታት ካብ ሞንጎና ተጎቲቶም ደሃዮም ክጠፍእ እንከሎ፡ ኣበይ ኣተዉ ኢልካ ምሕታትስ ይትረፍ፡ ኣብ ሕድሕድካ ምውጋዕ'ውን ከም ነውሪ ኢና ንቖጽሮ። ወዲ ሰብ ብዘይ ሕጊ፡ ብዘይ ፍትሒ ኣብ ጎዳጉዲ ክበሊ እንከሎ፡ መንግስቲ ሓላፍነቱ ኮይኑ ዝፍጽሞ እምበር፡ ነውሪ ዝኾነ ነገር ይፍጽም ኣሎ፤ ሰብኣዊ መሰል ደቂ ሰባት ይግህስ ኣሎ ኢልካ መን ክሓስቦ። ነገር ንእስነት፡ ካብ ሃገረይ ውጽእ ኢለ ከመዛዝን ዕድል ስለዘይነበረኒ፡ ከም'ዚ ኣድጊ ዋናኣ ዝጸዓነ እንተጸዓና ካብ "ኢሕሕ" ካልእ ትብሎ ዘይብላ፡ ንሕና'ውን ከምኡ፡ ከም ንቡር ወሲድናዮ ኢና ጸኒሕና።

እቲ ኹሉ ናይ መንግስቲ ህግደፍ በደል ኮለል ኢሉ ክረኣየኒ ዝጀመረ፡ ኣብ ሃገረይ ምንባር ምስ ሰኣንኩ፡ ዓቕለይ ምስ ጸበበኒ፡ ንስድራይ ተፋንየ ዶብ ተሳጊረ ዓዲ ስደት ምስ ረገጽኩ እዩ። ንፈለማ እዋን ካብ ዓደይ ወጺአ ዝረገጽኩዋ ሃገር ኢትዮጵያ እያ። ናብ ኢትዮጵያ ክሰግር እንከሎኹ፡ ሳላ ኢ-መይል፡ ቀዲሞምኒ ዝሰገሩ የዕሩኽተይ፡ ኢትዮጵያ ከም'ቲ ህግደፍ ለይትን ቀትርን ዝሰብከና ዘይኮነትስ፡ ናይ ሂወት ውሕስነት ከምትህበና ኣረጋጊጾምለይ እዮም። ናብ ሳልሳይ ሃገር ናይ ምኻድ ዕድል ከምዘሎ'ውን ሰሚዐ እየ ሰጊረ። ዋላ'ኳ ኩሉ'ቲ ህግደፍ ዝመሃረና መሊኡ እንተዘይተሓከለይ፡ ካብ ሃገርና ከምዘይትኸፍእ ግን ኣረጋጊጸ እየ ተበጊሰ። እግረይ ናብ መሬት ትግራይ ምስ ረገጽኩ ዝረኸቡኒ ኣባላት ምልሻ ይኹን ወታሃደራት ኢትዮጵያ፡ ዝርኣዩኒ ሓልዮትን ክንክንን ፈጺመ ዝተጸበኹዎ ኣይነበረን። ኩነታት ኣመጻጽኣይ፣ ስርሐይ፣ ዝመጻኹሉ ዓዲ ካብ ምሕታት ሓሊፎም፡ ከም'ቶም ናትና ጸጥታን ፖሊስን ዝደለዩዎ ክረኽቡ ልብኻ ብሕቶ ዘጥፍኡልካ ወይ ዘፋጥጡልካ ኣይኮኑን። ሽው ንሽው እየ ካብ ገሃነብ እሳት ወጺአ ንፋስ ኣዱንያ ክረክብ ዝተሰመዓኒ። ለካ! ሰብ'ውን ክንዲ ዝኣክል ክብረት ኣሎዎ በልኩ ብውሽጠይ። ካብኡ ብመኪና ተጻዒና፡ ናብ ጊዝያዊ መዕቆቢ እንዳባጉና ኣተና። ኩነታትና ተሓቲትና ጉዕዞና ናብ ሽመልባ ኮነ።

ኩሉኹም ኣሕዋተይን ኣሓተይን ከምዘይትስሕቱዎ፡ መንግስቲ ህግደፍ፡ ኣተዓባብያና ጸይቑልና እዩ። ኣብ ጥራሕ መዓኮርና፡ ንካልኦት ክንዕቕ እዩ ኮስኲሱ ኣዕብዩና። ምስ ዘማዕበልናዮ ሕማቕ ስነ-ምግባር፡ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ነርእዮ ዝነበርና ጠባያት፡ ሎሚ ኮይነ ክዝክሮ እንከሎኹ ተመሊሱ እዩ ዘሕንኽኒ። እንታይ ዘይተዛረብናዮ ጽዩፍ ዘረባ ተሪፉና። ግን ድማ፡ እቲ ህዝቢ ይኹን ኣባላት ጸጥታ፡ ትሑት ደረጃ ንቕሓትና ተገንዚቦም ግዲ፡ ከመይ ከምዝኣልዩና ተዳልዮም'ዮም ጸኒሖም። ኣብ ሽመልባ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ጭቡጥ ገበን እንተዘይፈጺምካ፡ ሕማቕ ገጽ ኣርኢኻኒ፡ ውጅህኻ ባህ ኣይበለንን ኢሉ፡ ኣብ እንዳ ዱጓና ደርብዩካ ዝኸይድ ኣባል ጸጥታ የልቦን። ንመሰልካ ደው ኢልካ ክትሓትት፡ ክትማበቕ ነውሪ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ኣባላት ጸጥታን ፖሊስን፡ ዋርድያ ህዝቢ ኮይኖም ከገልግሉ'ምበር፡ ከም'ቶም ናትና፡ ልዕሊ ሰብ ኮይኖም ከፋጥጡ ዝተመደቡ ኣይኮኑን። ናይ ብሓቂ፡ ብሕግን ስርዓትን ዝዳኒ መንግስቲ ከምዝተኸሉ ተዓዚበ፤ ብልበይ ቀኒኣ። ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሂወት እናዘከርኩ፡ እንታይ መርገም ኮን ነይሩና ይኸውን ኢለ ምሒር ኣስተማሰል። ዘረባይ ከሕጽረልኩም። እንታይነት ሰብኣዊ መሰል ከስተማቕር ዝጀመርኩ፡ እግረይ ናብ ትግራይ ካብ ትረግጽ መዓልቲ እዩ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን።

ለካ ጽቡቕ ነገር ከምዘሎ ምስ ፈለጥካ፡ ምልስ ኢልካ ዝሓለፍካዮ ሂወት ምስትንታን ዘይተርፍ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ህግደፍ ዘሕለፍናዮ ሂወት ምስ ምንታይ ይቑጸር? እንታይ ስለዝበደልና ኢና እዚ ኹሉ ኣደራዕ ክንቅበል ዝተፈረድና? ሰብ ዶ ከም እንስሳ ናብ ዝኾብኮበኩኻ ጥራሕ ትኸይድ፤ ዝበልኩኻ ትፍጽም

እናተባሃለ ከም ኣድጊ ይድከር እዩ? ሰብኣዊ ፍጡር ኮይኑ ኣእምሮ ዘሎዎ፡ ተበዲለ ፍትሒ ይወሃበኒ ስለዝበለ፡ ይቕጥቀጥን ይእሰርን? ሕሉፍ ሓሊፉ ሰብ ብዘይ ፍትሕን ርትዕን ኣብ ጉድጓድ ይበሊ? ደሃዩ ይጠፍእ? ኤርትራውያን ብመንግስቲ ህግደፍ ዝወርደና ዘሎ ግፍዒ፡ ኣብ ዓዲ ሕጊ ኮንካ ክትዝክሮን ክተወዳድሮን እንከሎኻ፡ ዕውልውል ይብለካ። ተዘርዚሩ ኣይውዳእን።

እዚ ኹሉ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ህግደፍ ዝወርደና ዘሎ በደል፡ ካልእ ዓለም ዘይፈልጦ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ተሓቢኡ ዝነበረ እዩ። ህዝብና ኣእውዩ ሰማዒ ኣይነበሮን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣፉ ከፊቱ ከእዊ ዝፈቕደሉ ኣይነበረን። ገለ ወጻእተኛታት በጻሕቲ(ቱሪስት) ናብ ሃገርና ክመጹ እንከሎዉ፡ ብዘይካ ኣባላት ጸጥታን ላዕለዎት ሓለፍትን ካልእ ቀሪቡ ከውግዖም ዝፍቀደሉ የሎን። ምስኡ ዝዛረብ ሰብ፡ እተን ተቖጺረን ዝተዋሃበኦ፡ ከም ፓፓጋሎ ክደግመን ዝኽእል ጥራሕ እዩ። ካብኡ ወጻኢ ገበን እዩ። ከብድኻ ብጥሙዩ ከም ጽጉብ፡ ውሽጥኻ ብሕሩሩ ከም ሕጉስ ኮይንካ ክትረአ ግድን እዩ። ካብኡ ወጻኢ ክልኩል እዩ።

ካብ ሃገረይ ርሒቐ ናብራ ስደት ካብ ዝፈለምኩሉ እዋን ጀሚረ፡ ብውሽጠይ ዝምነያ፡ ወትሩ ጸሎት ዝገብረላ ዝነበርኩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግህሰት፡ ዓው ኢልና ጥርዓና ነስምዓላ ዕለት እያ። ህዝቢ ዓለምን ሓያላት መንግስታትን ወጽዓና ጽን ኢሎም ዘዳምጹሉ እዋን ክርኢ እምነ ነይረ። ትምኒተይ፡ ካብ'ቲ ዝተጸበኹዎ ንላዕሊ ሰሚሩ ምርኣየይ፡ ናይ ብሓቂ ዕድለኛ እየ ክብል እደፍር። ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣይሓመቐን፤ ሕሰምና ክርኢ መርማሪት ኮምሽን ኣቑሙ ኣዋፈሩልና። ዋላ'ኳ እከይ መንግስቲ ህግደፍ ናብ ውሽጢ ሃገር ኣትዩ ከጽንዕ እንተዘይፈቐደ፡ ኣብ ከባቢ ሃገርናን ዓለምን ዝተሰደዱ መዓት ግዳያት ኤርትራውያን ስለዘለዉ፡ ንዐኦም ረኺቡ እታ ተሓቢኣ ዝጸንሐት ሓቂ ክረኽባ ከምዝኽእል ርግጸኛ ነይረ። መርማሪ ኮምሽን ድማ ኣይሰነፈን። ንኹለን ጎርጒሩ፡ ሓጥያት መንግስቲ ህግደፍ ኣውጺኡወን። ማሕበረ ሰብ ዓለም ክፈልጠን ድማ ገይሩ። ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን በብኻባቢኦም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክሳብ ናብ ከተማ ጀነቫ ተጓዒዞም መርማሪት ኮምሽን ዘካየደቶ መጽናዕቲ ብምድጋፍ ድሙቕ ሰላማዊ ሰልፍታት ኣካይዶም። ኣነ ድማ ናይ ዕድል ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ብ26 ሰነ 2015 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ድሙቕ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምስታፍ ዕድል ረኺበ። ምስ ኩሎም መንእሰያት ኣሕዋተይን ኣሓተይን ከምኡውን ኣቦታተይን ኣደታተይን ተሰሊፈ፡ **ሰብኣዊ መሰላትና ይከበር!! ኣፍሪቃ ሕብረት ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራ ይሰለፍ!! ኣፍሪቃ ሕብረት መዐንደሪ ተሮሪስት ክኸውን የብሉን! ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይውክልን!** .... ብእንግሊዝኛውን ዝገደፍናሉ የብልናን፡ Down Down Isayas!! Respect Human rights! EU stop supporting the Eritrean governmet! ..... ኢልና ጨሪሕና፤ ዝተረፈና የልቦን፤ ዓው ኢልና ቃንዛ ህዝብና ንኣፍሪቃ ሕብረት ኣቃሊሕና። ብኮሚቴ ዝተዳለወ መልእኽቲ ብወከልትና ናብ ኣፍሪቃ ሕብረት ቀሪቡ፤ ወኪል ዋና ጸሓፊት ከምዝተቐበለቶ ኣረጋጊጾምልና። ምስጋናና ገሊጽና። ቀጺልና፡ በተን ዝተዳለዋልና ኣውቶቡሳት፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኣውሮጳ ሕብረት ተጓዒዝና። ከም'ቲ ኣብ ቅድሚ ቤት-ጽሕፈት ኣፍሪቃ ሕብረት ዘቃላሕናዮ፡ ኣብ ኣፍ-ደገ ቤት-ጽሕፈት ኣውሮጳ ሕብረት'ውን ድምጽና ዓው ኣቢልና ኣስሚዕና። ቃንዛ ህዝብና ኣመሓላሊፍና፤ ኣውሮጳ ሕብረት ንመንግስቲ ህግደፍ ሓገዝ ከይህብ ብዓውታ ተማሕጺና። ጽርግያ ብኣና ተዓጽዩ። መካይን ኣዲስ ኣበባ  ብካልእ መንገዲ ክመርጻ ግድን ኮነ፤ ዝተረፈ የልቦን፤ ውድቀት ንኢሳይያስ ኢልና ብሓደ ቃል ጨሪሕና። ናብ ሰላማዊ ሰልፊ ዝወጸ ኤርትራዊ፡ ብሰናይ ድልየቱ ስለዝነበረ፡ ሸፍንፍን ዝበሃል ነገር ኣይነበረን። ኣብ ተሰላፊ ሓያል ዝኾነ ናይ ሕራነ መንፈስ ነይሩ። መልእኽትና ንወኪል ኣውሮጳ ሕብረት ተዋሂቡ። ኣብ ደገ ወጺኣ፡ መልእኽትና ተቐበለት። ሓጺር ናይ ሰናይ ምንዮት መደረ ኣስመዐት። ምስጋናና ንወኪል ኣውሮጳ ሕብረት ብድሙቕ ጣቕዒት ገሊጽና ሰላማዊ ሰልፍና ብዓወት ዛዚምና ብሕጉስ መንፈስ ተፈላሊና።

ድሒረ ከምዝሰማዕኩዎ፡ ኣብ መደበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ክልል ትግራይን ዓፋርን'ውን ድሙቕ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ እዩ። ውጹዕ ኤርትራዊ ደላዪ ለውጢ ኣብ ሓንቲ ህሞት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ከተማታትን፡ ብሓደ ቃል፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝወርድ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ብምቅዋም፡ ንመጽናዕቲ መርማሪት ኮምሽን ብምድጋፍ፡ ድምጹ ብዓውታ ከስምዕ ምብቅዑ ሓጎሰይ ወሰን ኣይነበሮን። ናይ ብሓቂ መጻኢ ብሩህ ተስፋና ተራእዩኒ። ጸልማት ዘበን ብብርሃን ተተካኢ እዩ በልኩ ብልበይ። ክቡራት ደቂ ሃገረይ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝብናን ሃገርናን፡ ብስሙር ድምጺ ክነቃልሕ እንተበቒዕና፡ ምስጢር ዓወትና ረኺብናያ ኣሎና ማለት እዩ።

**ወዲ ቀሺ ሽመልባ፡**

**ካብ ኣዲስ ኣበባ።**

# ቀፃሊ መስመርና ሓቅና ሒዝና
# ንጽንዕር መደረኛት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!